# ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ covid-19 ዝምልከት

## ኣብ LSS-bostäder ንዝሰርሑ

**እቶም ኣብዚ እትሰርሑ ምስቶም ኣብ ጉጅለ ተኽእሎ ሓደጋ ርክብ ክትገብሩ ዝከኣል'ዩ። ምልክት እተዘይብልኩም ከምቲ ንቡር ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ጥዕናኹም እንተሊኹም ኣብቲ ስራሕ ተድልዩ ኢኹም።**

**ከምዚ ዝስዕብ ምልክት እንተለኩም ኣብ ገዛ ትረፉ**

• ቃንዛ ጐረሮ • ሕማም ርእሲ • ምጽላእ • ቃንዛ ጅማውትን-መለጋግቦን
• ረስኒ • ምስዓል • ጸገም ምስትንፋስ • ንፋጥ

### ነቶም ነበርቲ ብዛዕባ ተኽእሎ ህላወ ሓደጋ ምቕባል በጻሕቲ ንገርዎም

ነቶም ነበርትን መቕርቦምን ብምብጻሕ ዝላባዕ ተኽእሎ ሓደጋ ምህላው ክትሕብርዎ ከድልየኩም ይኽእል እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ መንበሪ ካብቶም ተኽእሎ ሓደጋ ከጋጥሞም ዝኽእል ጉጅለ ዝኣትው እንተለው። ኣድላዪ እንተኹይኑ ካልእ ኣገባብ ርክብ ንኣብነት ከም ቴለፎን ወይ ቪድዮ ጌርኩም ክትራኸብዎም ትኽእሉ።

### ንጽህና ኣእዳውን ክዳውንቲ ስራሕን መሰረታውያን እዮም

እዞም ዝስዕቡ ሕግታት ወትሩ ክትግበሩ ዘለዎም እዮም:

• ቅድምን ድሕርን ጥዕናውን ክንክናውን ህሞት  ምግባርኩም ኣእዳውኩም ተሓጺቡን ጸረ ተሃዋስያን ግበሩሉን።

• ናይ ስራሕ ክዳውንቲ ሓጺር ኢድ ክህልዎም ኣለዎ፡ መዓልታዊ ድማ ክቕየሩ ይግባእ።

• ኣብ ጥዕናውን ክንክናውን ህሞት ኣብቲ ምስ ካብ ኣካላት ዝፈስሱ ነገራት ምትንኻፍ እትገብሩሉ ኩነት፡ ሓንሳእ ተጠቂምኩም እትጉሕፍዎ ጓንቲ ከምኡን መከላኸሊ ክዳን ክህልወኩም ኣለዎ። ኣብ ገለ ኩነታት መከላኸሊ ገጽ'ውን ክህልወኩም ኣለዎ፡ ንኣብነት ማስኬራ መሰልመከላኸሊ ገጽ።

### ካብቶም እተገልግልዎም ዝኾነ ኮሮና ቫይረስ covid-19 እትጥርጥርዎ ኣሎ ድዩ፧

ብዝቕልጠፈ ነቲ ዝምልከቶ ነርስ ወይ ኣብቲ ኩነታት ምኽሪ ክህብ ዝኽእል ሓላፍነት ዘሎዎ ሓለቓ ርኸቡ። ብ ኮሮና ቫይረስ covid-19 ተለኺፉ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ልዑል እንተኹይኑ ኣብ ጥቓ እቲ ሰብ ኰይኖም ዝሰርሑ ኣባላት ኣድላዪ መከላኸሊ ክጥቀሙ ይግባእ። እቶም መከላኸሊ ዝኾኑ ነገራት ብቐሊሉ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ክርከቡ ይግባእ።

---

### ካልእ ክትፈልጡ ዶ ትደልዩ ኢኹም፧

ኣብ socialstyrelsen.se/covid19 ብዝተፈላለየ ኣገባብ ንምሕባር ዝሕግዝ እተኣከበ ፍልጠትን ደገፍን ይርከብ:

• ዝተፈላለዩ ቋንቋታት

• ፍኹስ ዝበለ ኣጸሓሕፋ

• ደገፍ ስእሊ

• ምልክት ቋንቋ ጽሙማን

**socialstyrelsen.se/covid19**

*እዚ ሓበሬታ'ዚ ዕለት 24 ሚያዝያ 2020 ዝተሓደሰ እዩ፡ እቲ ኣዝዩ እዋናዊ ኣብ socialstyrelsen.se/covid19 ይርከብ።*